# *ተሞክሮ ኤምዲሰመ ኣብ ፈላሚ ኣህጉራዊ መድረኽ*

## ካልኣይን ናይ መወዳእታን ክፋል

ምስ ገለ ካብ ተሳተፍቲ ናይ'ቲ ጉባኤ ኣብ ዝገብሮ ዝነበርኩ ውልቃዊ ዕላላት፡ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ፖለቲካዊ ኩነታት ከብርህ እፍትን ኔረ። ኣብ መብዛሕትኡ ዘጋጥም ዝነበረ ጸገም እንተኔሩ፡ ብዙሓት ሰባት ነቲ ይፍጸም ኣሎ ዝብሃል በደላት ክኣምንዎ የሸግሮም ኔሩ። ብዛዕባ ኤርትራ እኹል ሓበሬታ ዘይጸንሖ ሰብ፡ ኣብ ዓድና ከም'ዚ ኣሎ፣ ከም'ዚ ድማ ይግበር ኢልካ ንእተዕልሎ ዕላል ምእማኑ ከጸግሞ ምኽኑይ እዩ። ገሊኡ ዓይነት በደላት ይትረፍ'ዶ ካብ ርሑቕ ንሰምዖ ነቲ ወዲ ሃገር 'ውን ጋን ዝሰርሕ እዩ። ኣብ ኅስጓስን ሓበሬታን ብዙሕ ዝጎደለና ነገራት ከም ዘሎ ድማ ተዓዚበ። እቲ ዘድሊ ሓበሬታ ኣብ ነንሕድሕድና ድኣ'ምበር ካባና ወጻኢ ብዙሕ ከም ዘይተዘርገሐ ድማ የዘኻኽረካ። ኣብ'ዚ ጉዳይ'ዚ ናይ ዓቕምን ባጀትን ሕቶታት ነብሱ ዝኽኣለ ጸገም'ኳ እንተኾነ፡ እቲ ሽግር ነባሪ ፍታሕ ክርከበሉ ከም ዝግባእ ግን ዝሰሓት ኣይመስለንን።

ኣብ'ቲ ጉባኤ ብኤምዲሰመ ዝቐረበ መጽናዕታዊ ጽሑፍ ኔሩ። እቲ ወረቐት፡ ኣብ ትሕቲ ጽንኩር ፖለቲካዊ ኩነታት ዘይጎነጻዊ ኣገባብ ቃልሲ ብኸመይ ክትግበር ከም ዝኽእል ዝሕብር ኮይኑ፡ ኣብ ኤርትራ ዘተኮረን ካብ ካልኦት ሃገራት ክቕሰም ዝኽእል ተሞክሮ ንምልላይ ዝሓገዘን ኔሩ። እቲ ወረቐት ብምትሕብባር ኤምዲሰመን ክልተ ካልኦት ዘይመንግስታውያን ማሕበራትን ኣብ ዓውደ-መጽናዕቲ ቀሪቡ። ሓደ ካብቶም ኣቕረብቲ ናይ'ቲ ዓውደ-መጽናዕቲ፡ ህቡብ ሰርብያዊ ተቓላሳይ ስርጃ ፖፖቪች ኮይኑ፡ ኣብ'ታ ብ2001 ዓ.ም. ዝተሰርሐት "Bringing down a dictator" እትብል ዶኩመንታሪ ፊልም እተዋስአ እዩ። ኣብ 2000 ዓ.ም ድማ ስሎቦዳን ሚሎሶቪች ብሓፈሻዊ ተቓውሞ ህዝቢ ሰርብያ ከም ዝሰዓር ካብ ዝገበሩ መራሕቲ ምንቅስቓስ ተመሃሮ "ኦትፖር" ዝነበረ እዩ። ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን፡ ፖፖቪች ሓደ ካልቶም ፍሉጣት ኣሰልጠንቲ ኣብ ኣጠቓቕማን ዝውታረን ኣገባባት ዘይጎነጻዊ ቓልሲ ኮይኑ ይሰርሕ ኣሎ። ብመንገዲ እቲ "ካንቫስ" እተባህለ ኣብ በልግረይድ ንሱን መሳርሕቱን ዘቖምዎ ዘይመንግስታዊ ማሕበር ኣቢሉ፡ ኣብ ምሉእ ዓለም፡ ብፍላይ ድማ ኣብተን ብምልካዊ ስርዓት ዝመሓደራ ሃገራት ወይ ጎረባብተን እንዳተንቀሳቐሰ ስልጠናታት ይህብ። እቲ ካልኣይ ማሕበር ድማ ኣብ ኒውዮርክ ዝመደበሩ ኣህጉራዊ ማእከል ንዘይጎነጻዊ ቓልሲ ዝተባህለ ትካል ኮይኑ፡ ኣብ መጽናዕትን ምርምርን ዘድሃበ ዘይመንግስታዊ ማሕበር እዩ። እዚ ማሕበር'ዚ 'ውን ኣብ ሕትመነት፣ ስልጠናታትን ምትሕልላፍ ዘድሊ ፍልጠትን ብዝጻወቶ ዘሎ ተራ ተፈላጥነቱ እንዳዓዘዘ ይኸይድ ኣሎ። ኤምዲሰመ ምስ ከምዚኣቶም ዝኣመሰሉ ብኣህሩራዊ ደረጃ ተፈላጥነት ዘለዎም ማሕበራት ተሓጋጊዙ ክሰርሕ ምጅማሩ ድማ፡ ኣህጉራዊ ተፈላጥነቱን ተሳታፍነቱን እንዳዓበየ ይኸይድ ከም ዘሎ ዝሕብር ረቛሒ እዩ።

ሻድሻይ ኣህጉራዊ ጉባኤ በርጌሳውያን ማሕበራት ዓለም፡ ኣብ ከተማ ግላስጎ፡ ስኮትላንድ እዩ ተኻይዱ። እቲ ኣጋጣሚ ምስ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ዝርከቡ ገለ፡ ገለ ኤርትራውያን ተራኺበ ንኽመያየጥ ዕድል ፈጢሩለይ ኔሩ። ከም'ቲ ዝብሃግክዎ ምስ ብዙሓት ሃገራውያን ክራኸብ ኣይክኣልኩን። እዚ ከም ሓደ ካብ ሕጽረታት ናይ'ቲ ጉዕዞ ክርአ ዝኽእል ጉዳይ ይመስለኒ። ብንኣሽቱ ምኽንያታት ክረኽቦም ዝግብኣኒ

ኩሎም ክረኽቦም ብዘይምእኽኣለይ ንባዕለይ ‘ውን ቅር ኢሉኒ እዩ። ከም ናይ መጀመርያ ጉዕዞ መጠን ጥራይ ዘይኮነ ናይ ግዜን ባጀትን ሕጽረት ‘ውን ስለ ዝነበሮ ምስ ውሱናት ሰባት ጥራይ እየ ክራኸብ ዝኸኣልኩ። ካልእ ኣጋጣሚ ተረኺቡ ምስ ኩሎም ሃገራውያን ንራኸበሉ ዕድል ክመጽእ ግን ተስፋይ ወሰን የብሉን።

ምስቶም ዝረኸብክዎም ውሱናት ሰባት ኣብ ዝገበርክዎ ምይይጥን ዕላልን ብዙሕ’የ ተማሂረ። ሓደ ካብ’ቲ ቀንዲ ነገራት ድማ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ዝርከቡ ወገናት ንንጥፈታት ምንቅስቓስ ብቐረባ ከም ዝከታተልዎ ፈሊጠ። ብፍላይ እታ ኣብ መጀመርታ ናይ’ዚ ዓመት’ዚ ዝጀመረት ፈነወ ረድዮ ድምጺ መሰልና ደሊና ጽቡቕ ተቐባልነት እንዳረኸበት ትኸይድ ከም ዘላ ተገንዚበ። ገለ፡ ገለ ሰባት ካብ ምንቅስቓስ ልዑል ትጽቢት ከም ዘለዎም ‘ውን ተዓዚበ። እዚ ተስፋ ዝህብን ዘበራትዕን እኳ እንተኾነ፡ ዝተጋነነ ትጽቢት ግን ጽቡቕ ከም ዘይኮነ ምስትብሃል ዘድልዮ ይመስለኒ። ከም ውልዶን እግሪ ተኸልን ተበግሶ መጠን፡ ኤምዲሰመ ገና ነብሱ ኣብ ምህናጽን ዓቕምታቱ ኣብ ምድላብን ዝርከብ ምንቅስቓስ ብምዃኑ፡ ትጽቢትን ክውንነትን ብዘመጣጠነ ሚዛን ክልካዕ ኣለዎ በሃላይ እየ። ይኹን’ምበር ኤምዲሰመ ‘ውን ብወገኑ ንዘሎ ትጽቢታት ብዝበቕዕ መገዲ መደባቱ ከወሃህድን ንነብሱ ድማ ድልው ክገብርን ከም ዝግባእ ዘዘኻር ነጥቢ ኮይኑ ይርኣኒ።

እምበርኣከስ ተሳታፍነት ኤምዲሰመ ኣብ ሻድሻይ ኣህጉራዊ ጉባኤ በርጌሳውያን ማሕበራት ዓለም፡ ብዙሕ ትምህርቲ ዝተቐስመሉ፣ ምስ ብዙሓት ገበርቲ ሰናይ ማሕበራት፣ መወልቲ፣ ተደናገጽቲ፣ ሓንጸጽትን ተለምትን ዝተላለናሉ፣ ብዓቢኡ ድማ ብዛዕባ ህላውነት፣ ዕላማታትን ንጥፈታትን ምንቅስቓስ ዝኣስጐስናሉ ዓብን ኣገዳስን ኣህጉራዊ መድረኽ እዩ ኔሩ። ኣብ ከም’ዚ ዝኣመሰለ ዓበይቲ ኣጋጣምታት ምስታፍ ረብሓ ርዱእ ስለ ዝኾነ፡ ምንቅሰቓስ ኣብ’ዚ መዳይ’ዚ ኣበርቲዑ ምስራሕ ከድልዮ እዩ። እዚ ተረኺቡ ዘሎ ትምህርትን ተቐሲሙ ዘሎ ተሞክሮን ድማ ቀሊል ስለ ዘይኮነ፡ ንዝበለጸ ስራሕን መደብን መበገሲ ክኸውን ይግብኦ።

እቲ ድሕሪ ቑሩብ መዓልታት ክካየድ ተመዲቡ ዘሎ ሳልሳይ ስሩዕ ኣኼባ ቤት ምኽሪ ኤምዲሰመን መመረኸታ ናይ’ቲ ንሓደ ዓመት መመላእታ ክካየድ ዝጸንሐ ምድላው ትምህርታዊ መጽሓፍን ከም ልሙድ ብዓወት ክሰላሰል እንዳተመነኹ ንሎሚ ኣብ’ዚ ክዛዝም።

21 ሓምለ 2006
ዳንኤል ረዘነ
ኣባል ቤት ምኽሪ ኤምዲሰመ